# ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን

# Catholic Eparchy of Keren

Street 609 P.O. Box 460, Keren – Eritrea

Tel. +291-1-401 907 Fax. +291-1-401 604

Email: debanma@gmail.com


፯ ነሓሰ / ማርያምትሪ ፳፻፲፬

*August 13,2022*

**ዝኸበርኩም**

**ካህናትን ምእመናንን**

**ኣብ ወጻኢ ሃገር እትብሩ ብሓበራ**

***ምንታ ኣዓሥዮ ለእግዚኣብሔር በእንተ ኩሉ ዘገብረ ሊተ፡***

***ኣብ ክንድቲ ሠናይ ዝገበረለይ ኩሉስ ንእግዚኣብሔር እንታይ ምሳ ክመልሰሉ ኢየ (መዝ 116፡12)***

ኣቀዲመ ክርስቶሳዊ ሰላምታይ እናቕረብኩ ኣብ ዕለታዊ ሕይወትኩም ኣሳልጦን ቅድስናን እምነየልኩም።

ብጸጋ እግዚኣብሔር፡ ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን፡ ካብ እትምሥረት 25 ዓመት (ብሩራዊ ኢዮቤል) ኣብ 21 ታሕሳስ 2020 ክነብዕሎ መደብ ነበረ፡እንተኾነ ነዚ ዓቢይ ፍጻሜ ብዓጀብ ክነብዕሎ ኣብ ንቀራረበሉ ዝነበርና ጊዜ፡ ለበዳ ተላባዒ ሕማም ኮቪድ-19 ስለእተሓወሶ፡ ኣብቲ ዝተሓሰበ ጊዜ ክነብዕሎ ኣይከኣልናን።
ካብ 21 ታሕሳስ 2021 ክሳብ 21 ታሕሳስ 2022 ኩነታት ለበዳ ኮቪድ ይመሓይሽ ይኸውን ብዝብል ተስፋ፡ ዓመተ **ምስጋና ኢዮቤል** ኢልና ሰመናዮ'ሞ፡ ኣብቲ 21 ታሕሳስ 2021 ክነብዕሎ ኣብ ዝሀቀናሉ'ውን፡ ሕማማ ኮቪድ-19 ምምሕያሽ ስለዘየርኣየ ኣወንዚፍናዮ ሓሊፍና።

ኣብዚ ዘሎናዮ ጊዜ ብተዘማዲ ደሓን ስለዘሎና፡ ኣብ ሰንበት **፲፭ መስከረም ፳፻፲** / **25 መስከረም 2022** ክነብዕሎ ወሲና ኣሎና።
ኣብዚ ዕለትዚ ምሳና ኣብቲ ዝዓርግ ናይ ምስጋና ቅዳሴ ምሳና ሓቢርኩም ክትሳተፉ ብኽብሪ ንዕድመኩም።

ኣብ ሓጺር ጊዚ ክንገብሮ ዝገደደና፡ ሕጅ'ውን ብዛዕባ ኮቪድ-19 ዘንጸላሉ ወረታት ስለዘሎ፡ ዳግም ከይንሹለፍ ብምስጋእ፡ ኣሕጽር ኣቢልና ሓደ መዘከርታ ክንግበር ስለዝደለና ኢዩ።

ከማኡ እውን ድሕሪ ምዝዛም መበል 25 ዝኽሪ ምሥረታ ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን፡ ነቲ ካብ 1869 ንደሓር ናይ መላእ ምድረ ሓበሻ ምንጪ ክህነታዊ ጸዋዕታን፡ ማእከል ምምህርና ሥነ መዕበያ ኮይኑ ዘገልገለ፡ንምምሥራት ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን ዓንዲ ሕቈ ዝኾነ ገዳም ዘርኣክህነት ከረን፡ ካብቲ ኣብ ከረን ቀዋሚ እግሪ ዝተኸለሉ ጊዜ መበል 150 ኢዮቤል ኣብ **ታሕሳስ 2022** ክበዓል ተወሲኑ ኣሎ።

ነዚ ሠናይ ብሥራት ንምእመናን ክትነግሩልናን፡ ብቀዳምነት ብጸሎት ክተሰንዩናን፡ ብምቅጻል ንዕብየት ኤጳርቅና ኮነ ንመካየዲ ዘርኣክህነት ይኸውን ዝበልክምዎ ዓቅምኹም ዘፍቀዶ **ሓገዝ ክተወፍዩልና** ብኣኽብሮት እሓትት።

ምስ ምስጋና

✝ ኣባ ኪዳነ

በጸጋ እግዚኣብሔር ወበሥመረተ መንበረ ጴጥሮስ
ጳጳስ ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን